# እንተዝጸንሕ

እንተዝህሉ 'ወ እንተዝጸንሕ
እንተዝነብር ዕምሩ 'ተዝነውሕ
እንተዝርኢ መሬት እንክትወግሕ፡፡

እንተዝጸንሕ

'ቲ ሰግለለት ዝቀንጠጠ ንጸላም ዘብረሀ
ረመጽ ተሳጊሩ ተኣምር ዝሰርሐ፡፡

እንተዝጸንሕ ብሂወት እንተዝነብር
በርቢረካ ዘይውዳእ ታሪኹ ክነግር።

እንተዝነብር፡

'ቲ ሓይሊ ማእከልን ደረትን
ኣፈናን ምዕራፍን
'ቲ ናይ ትምልን ሎምን
መሪሕን መወከስን
ምርጫን ጎደና ታሪኽን
ዘኽይድን ዘብጽሕን
ዝምክት ብሓባርን ንሓባርን
ቀኒዑ ዘይደንን።

ነብይ ነብይ እንድዩ ነይሩ
ሃዋርያ ለውጢ
ትርጉም ጽባሕ ኣዕሚቁ ፈላጢ፡

ዝያዳ እንድዩ ኣብ ኩሉ ዝህሉ
ንሃገር ንህዝቢ ዓንዲ ማእከሉ፡
ብዘይ ብኡ እንታይ ምኾነ
ጥርሑ ባዶሽ ዝተበታተነ
ኣልቦ ሂወት ዝማህመነ።

እንተዝህሉ

'ቲ በዓል ብዙሕ ውራይ ዓቢ ራኢ
ንጽባሕን ኪኒኡን ዝርኢ፡
ዝገጥሞ ዝዓየየ
ዝዓግቶ ዝኣለየ፡

ሩሕ ዝሶኩዕ - ጽባቀ ዝኹልዕ
በሪኽ ሃብቲ ዘግዘመ
ዝመሃረ ዝዓለመ፡
ዘይነጽፍ ትእምርቱ ንንበቦ
ሰጉምካ ዘይውዳእ ኣሰሩ ንስዓቦ።

'ተዝነብር

'ተዝነብር ኣብዚ ፈታኒ እዋን
ኩምራ ሓሶትን ስልበጣን ጠቀነን፡

እቲ ድርሳን ዝሓለፉ ዝደግም ከዳሚ
ከም ኣቦታቱ ምስ ድንከታት ሕልሚ፡
ብነድኢ ሓያላን ብደገፍ ዝነብር
ትኳቦ ሰኒቱ ከም ጎብለል ዝመጣጠር፡
ንልማኖን ናይ ዕስቡነት ጉንያን
ኣብራኹ ዘስፍል ብሕፍረት ዝደንን
ምስቶም ዓንገልቱ
ጽቡቅና ዘባህረሮም - ስጉምና ዘስገኦም
ሓድነትና ዘቅነኦም - ሓሳድ ዝባህሪኦም
ጥምረትና ክዘርጉ ብርዑድ ኣእምረኦም
ቅንጡእ ሃቀነኦም - ምኽሉእ ውሳኔኦም፡

ኣብዚ እዋን እንተ ዝነብር ነይሩ
ምሳና ምመከተ - ቁጽርና ምስሓሸከተ
ምስሰወደ ግጥምና - ተሃን ውሻጠና።

እንተዝነብር
'ቲ መምህር ምረት መቀረት
መምህር ተወፋይነት ብጻይነት
መምህር መስዋእትነት ዓወት
ኣያ ሓድነት - ማህደር ፍጻሜታት፡፡

ዋሕዲ እናዘረየቶ - ዓለም እናጎሰየቶ

ብዝሰርሖ ዘይዕበ
ሓለፉ ጉንያ ዘይጽብ፡

ዝወፈረ ይስዋእ
ይስዕብ እቲ ካልእ
ብዕምሪ ምትኽኻእ
ናጽነት ትመጽእ፡

ዝብል

ዘይፈሓቆ እምነት ተወቂጡ
ሕላገት ሃገር ተሓንጊጡ፡
ዝጽበዮ እናማዕደወ ዝሰገሮ እናዘከረ
ነፍሱ መሊኹ ድሌቱ ዝሰዓረ
ንኽብረት ደኣ 'ምበር ንኽብዱ ኣይነበረ፡
ውሕሉል ብዓቅሊ - ፈለግ'ዩ ሓይሊ
እምኒ ኩርናዕ ድልድል መሳገሪ።

ሓድነቱ ዓቂቡ - ተወሃሂዱ በልቡ፡

ረምታ ርጋጹ ወስታ ኢዱ
የማን ጸጋሙ ኩሉ 'ወሃሂዱ፡
ከም ሓንቲ ዓይኒ ሓንቲ ኩሕሊ
ሓንቲ መርፍእ ሓንቲ ፈትሊ
ሓደ ተምሳል ሓደ ሓይሊ፡
ሓደ ኩናት ሓደ ዋልታ
ሓደ ህርመት ሓደ ናዕታ።

ገለኩ
መውስቦ 'ዮም ዝለልዩ
መቅርብ ዓርኪ ይሓርዩ
ደረት ዓዲ ይፈልዩ
ንፋስ ከ እትውልና 'ደልዩ
ኣብ ዘይብልና 'ንዛዝዩ፡

እቲ ጅግና ግን
ኣየቅርብ ኣየርሕቅ
ኣይመርጽ ኣይመጻደቅ፡
ኣበይ ኢልዎ ኣይባህሩን
ኤርትራ ብዓባያ ቆላን ከበሳን
መሬታን ባሕራን - ኣየራን ሰማያን
ደረታን ወሰናን
ህዝባ ብምሉኡ ቀይሕን ጸሊምን።

ኤርትራዊ ሕብሪ ዓይኑ
ኩሉ ሓው ሓፍቱ ኩሉ 'ዩ ወገኑ፡

ፍሉይ'ዩ ባህሩኡ
ይፈልጥ ግብኡ
ከጸንሕ ነይርዎ ብዓቢኡ
ስብሓት ስብሓት ይኹን ንዑኡ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ሚልዮን ኣብርሃ
20 ሰነ 2010
ቶሮንቶ ካናዳ